# ውድባዊ ደገፌታ
# ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን
# ህዝቢ ኤርትራን

ሕብረት ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቃስ ኤርትራ 19/12/2008

አቀዲምና ዕዙዝ ኤርትራውን ውድባውን ሰላምታና ነቕርበልኹም።

ኦ ክቡር ህዝቢ ኤርትራን ህዝባዊ ሰራዊትን፤ ነቲ ብርቱዕ ወጽዓ ህዝብን ሃገርን መደምደምታ ንምግባር፤ ብዕጉስን ገስጋስን ስጉምትን እናተጓዕዘ፤ ናብቲ ህዝባዊ ድልየትን ሃንቀውታን ዝኮነ ዕላማ እናመረሸ ዝኸይድ ዘሎ ውዕዉዕ ተቓውሞ ህዝባዊ ሰራዊት፤ ነቲ ካብ ነዊሕ ጊዜ ብስዉር ብዝተፈላለየ ወገናት ፈከም እናበለ ክወዳደብ ዝጸንሔ ህዝባዊ ምልዕዓላት፤ ሎሚ ብጋህዲ ኣብቲ ዝለዐለ ጥርዙ በጺሑ፤ ንሕና ምስ ህዝብና፤ህዝብና ምሳና ኣብ ዝበለሉ እዋን በጺሕና ስለ እንርከብ፤ ውድብና ከአ ነዚ ብምድጋፍ ሎሚ ዘይከተተ ብደዉ ከም ዝሞተ ብማለት ደገፍና ንህብ።

ከም <u>ውድብ ሕብረት ዲሞክራሲያዊ ምንቃቓስ ኤርትራ</u> መጠን፤ነቲ እተሳላስልዎ ዘሎኹም ሃገራዊ ዕማማት ሓላፍነትኩም ፈሊጥኹም ወጽዓ ህዝብኩም አስቆርቍርኩም ዝወሰድኩምዎ ስጉምቲ፤ነቲ ዕማምን ሓላፍነትን ብዝምልኸት፤ንሕና ከም ውድብ ግቡእና ብእኽሎ ንምፍጻም ኣብ ጐድኒ ህዝብናን ጐድኻኹምን ደው ብምባል፤ነዚ ጀሚርክምዎ ዘሎኹም ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ አብ እትገብርዎ ቃልሲ ብምድጋፍ፤<u>ሃገራዊ ሓላፍነትና ተሸኪምና ዓቅምና ብዘፍቕዶ ውድባውን ሃገራውን ግቡእና ንክነሰላስል ነግ ፈረግ ዘይንብለሉ ውድባዊ እምነትና ኢዩ።</u>

ኦ ክቡራት አባላት ህዝባዊ ሰራዊት ሃገረ ኤርትራ፤- ብተባዕ ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ ነጻ ዝወጸት ሃገር ብሰንኪ ዲክታተርያዊ ጉጅለ ዝወሰዶ ስጉምቲ አብ ከምዚ ዝበለ ታኼላ ክትሽከል ኪኢላ። ካብዚ ብምብጋስ ካብ ጽባሕ ነጻነት ጀሚሩ ተቃውሞታት ፈከም ክብለ ጀመረ። ሕጂ ድማ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ስለ ዝበጽሐ፣ ነዚ ሕጂ ዝከይድ ዘሎ ምዕብልና ድማ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ንክውዕል ብዘለና ሓይልን ዓቅምን ነዚ ዲክታተራዊ ጉጅለ ካብ ሱሩ ንምምሓው ። እዚ ተቃውሞ እዚ ንናይ ጉጅለ ህግደፍ ቅዋማት ሃሪሙ ንኩሉ ኤርትራዊ ሓይሊ ጠርኒፉ ክከይድ ድማ ነተባብናዕ።

ኦ ህዝባዊ ሰራዊት እዚ ጃንዳዚ ንኤርትራ ኣብ ዘየድሊ ውግኣት ብምእታው ንሃገርና ኤርትራ ምስ የመን፤ምስ ሱዳን፤ምስ ጅቡቲ ክልተ ጊዜ፤ አብ ኰንጎ ምሩጻት ደቂ ሃገር ብምጥፋጥ፤ምስ ኢትዮጵያ ድማ ኣህላቂ ኲናት ንዓለም ዘጨነቀ ህልቂት ፈጸመ። እዚ ከይ ኣክል ድማ ከም ኣመሉ ናብ ሀገረ ሶማልያ ኣትዩ ንሓድነት ሶማልን ህዝቢ ሶማልን ኣባላሸወ። ቀጺሉ ድማ ኣብ መጻብቦ ቀርኒ ኣፍሪቃ(RED SEA)ናይ ባሕሪ ሽፍትነት የካይድ ምህላዉ ብዓለም ምሉእ ተረጋጊጹ ኣሎ። ብጉልባብ ሶማላውያን ኣብ ወፍሪ ናይ ዘበናዊ ሽፍትነት ባሕርን ከትሪ መራክብን ተሸኺሉ ይርከብ። እቲ ዘገርም ድማ ኤርትራ መደበር ግብረ ሽበራ ኮይና ትርከብ ኣላ።

ኦ ህዝባዊ ሰራዊት እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ክፉእ ተግባራት ከይኣክል ድማ ኒኩለራዊ ጎሓፍ ጸረ ጥዕና ንህገርናን ንኩሉ ጎረባብትን ሓደገይና ዝኮነ : ብፍላይ ከኣ ነቲ ከባቢ ዝተቀብሮ ንውሉድ ወለዶ ዘሳቒ ከሚካል ክቕበር ምምዳቡ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆሎ ዝዕላምኡ እዩ።

ድሕሪዚ ኲሉ ዝተጠቕሰ ጸገማት እቲ እትገብርዎ ዘሎኹም ተቃውሞ ንኩሉ ህዝባዊ ተቃውሞ ኣወሃሂዱ ሰላም ዝነግሰሉ ፤ምስ ኲለን ጐረባብቲ ሃገራትን ምስ መላእ ዓለምን ብሰላም እንነብረሉ፤መንገዲ ትግሃት ሥራሕን፤መንገዲ ትምህርትን ክኾኽን ጥዕ ናን፤እንጐዓዘሉ፤መንገዲ ቅዋምን ሕግን ነጊሱ፤ብብዝሒ ሰልፍታት እናተኣለየ፤ ብሓርነትን ሰላምን ቅሳነትን፥ ብመሰልን ፍትሕን፤ እትልለ ሃገር፤ክንገብራ ናህና ናይ ዜጋታታ ሓላፍነትን ግቡእን ኢዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና
ጽንዓትን ሓድነትን ንህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ

ዓወተ ሰላምን ቅሳነትን ንህዝብና። 19/12/2008